# ህዝባዊ ኣኼባ

## ብኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## ኣብ ሰሜናዊ ስዊዘርላንድ
(እተኣረመ ኣድራሻ ርኤ)

ንሰንበት ዕለት 28 ጥሪ 2007፡ ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ: ተጋ/ ወልደሱስ ዓማር ዝመርሖ ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ርእሲ ከተማ ስዊዘርላንድ ዝኾነት ከተማ በርን ክግበር ስለ ዝኾነ ንኹሎም ግዱሳት ደቂ ሃገር ኣብቲ ኣኼባ ክሳተፉ ብኽብሪ ንዕድም።

ኣብ ሰሜናውን ማእከላውን ካንቶናት ስዊዘርላንድ፡ ጸዕቂ ሓደስቲ ስደተኛታትን ሓደስቲ ኣባላት ውድብን ስለ ዘሎዉ፡ እዚ ኣኼባ'ዚ ፍሉይ ኣገዳስነት ኣሎዎ። ስለዝኾነ ከኣ ኩሎም እቶም ኣብዚ ቀረባ ዓመታትን ኣዋርሕን፡ ካብቲ ንመጻኢ ዕድል ሓዲሽ ወለዶ ኤርትራ ዘጸልመተ ስርዓት ህግደፍ ሃዲሞም ኣብ ስደት ዝርከቡ መንእሰያት፡ እዚ ኣኼባ'ዚ ከየምልጦም ኣጥቢቕና ነዘኻኽር። ክፉትን ኣኻልን ናይ ሕቶን ርእይቶን መድረኽ ክህሉ ኢዩ። ቀንዲ ኣርእስትታት ኣኼባ ፡-

1. ህልዊ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራን ጸገማት መንእሰይ ወለዶን፤
2. ሌላ ምስ ደንበ ተቓውሞን መጻኢ ዕማማት ኩሎም ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዝርከቡ ተቓወምቲ ስርዓት ህግደፍ፤
3. ንሓዲሽ ወለዶ ዝጽበዮ ዘሎ ተሪርን ከቢድን ግደ ኣብ ለውጥን፡ ህንጸትን ፍትሓዊት/ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ፤
4. ብሩህ ራኢን ናይ ዓወት እስትራተጅን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ።

**ቦታ ኣኼባ ፥**

**Zentrum 5**
**Flur Strasse 26b**
**3014 BERN**
(ካብ ባንሆፍ/Bahnhof ናይ ከተማ በርን ኣውቶቡስ ቍ. 20 ወሲድኩም ኣብ 4ይ ፈርማታ (WYleregg) ትወርዱ 'ሞ ንየማን ዕጽፍ ኢልኩም 100 ሜትሮ ትኸዱ።)

**ጊዜ ኣኼባ ፥**

ካብ ሰዓት 1 ድሕሪ ቀትሪ ክሳዕ ሰዓት 6 ድ. ቀ. ክቕጽል ኢዩ።
ንዝኾነ ሓበሬታ ኣብዚ ደውሉ፡- 079.70.550.73 ወይ 0022.788.1386.

ብድሓን ምጹ፤
ሽማግለ ጨንፈር ስዊስ፡
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ።